TI



# ዓሸራን ኢሮዳክን (EURODAC)

©iStockphoto / janp013

ምስ ዘይሕጋዊ ስግረ ዶብ ብዝተሓሓዝ ምኽንያት ዝተኣስሩ ናይ ሳልሳይ ሃገር ዜጋታት ወይድማ ሃገር-ኣልቦ ሰባት ዝምልከት ሓበሬታ፣ ብመሰረት ዓንቀጽ 29(3) ሕጊ (ኤውሮጳዊ ሕብረት) ቁ. 603/2013 [ARTICLE 29(3) OF REGULATION (EU) No 603/2013]

ዕድሜኻ 14 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ እንተኾይኑን ካብ ሕጊ ወጻኢ ዶብ ክትሰግር እንተታሒዝካን፣ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ተወሲዱ ናብ ‘ዩሮዳክ’ (‘Eurodac’) ዝበሃል ናይ ዓሻራ ዳታቤዝ ይመሓላለፍ፡፡ ኣብዚ መስርሕ እዚ ግድነት ክትተሓባበር ይግባኣካ - ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ክትህብ ትግደድ ብሕጊ ኢኻ፡፡

ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ንጹር እንተዘይኮይኑ፣ እንተላይ ብደይመደይ ዓሻራ ከምዘይውሰድ ንምግባር ኣጻብዕትኻ እንተዕኒኻዮ፣ ኣብ መጻኢ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ ክውሰድ ይኽእል እዩ፡፡

ኣብ መጻኢ ኣብ ዝተወሰነ እዋን ዑቕባ እንተሓቲትካ፣ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ዳግማይ ይውሰድ፡፡ ካብታ መጀመርታ ዓሻራ ዝሃብካላ ሃገር ወጻኢ ኣብ ካልእ ሃገር ዑቕባ እንተሓቲትካ፣ ናብታ መጀመርታ ዓሻራ ዝሃብካላ ሃገር ክትምለስ ትኽእል ኢኻ፡፡

ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ን 18 ኣዋርሕ ይዕቀብ - ድሕሪ 18 ኣዋርሕ፣ ብኣውቲማቲካዊ መንገዲ (ባዕሉ) ካብቲ ዳታቤዝ ይስረዝ፡፡ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራኻን ጾታኻን ጥራይ ኣብ ዩሮዳክ (Eurodac) ይዕቀብ - ስምካ፣ ስእልኻ፣ ዕለተ ልደትካን ዜግነትካን ናብቲ ዳታቤዝ ኣይለኣኽን ወይ ኣብኡ ኣይቅመጥን፡፡

ንመጻኢ ኣብ ዝኾነ ግዜ ኣብ ዩሮዳክ ዝተመዝገቡ ንዓኻ ዝምልከቱ ጭብጥታት ክትርኢ/ክትወሃብ እንተደሊኻ፣ ነታ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ትወስድ ዘላ ሃገር ክትሓታ ትኽእል፡፡ እቶም ጭብጥታት ክእረሙ ወይ ክስረዙ ክትሓትት ትኽእል – ንኣብነት ናይ ኤዎሮጳዊ ሕብረት (EU) ዜጋ እንተኾንካ ወይድማ ናይ ሓንቲ ካብተን ሃገራት መንበሪ ፍቓድ እንተረኺብካን ዑቕባ ሓቲትካ እንተዘይኔርካን፡፡

ዩሮዳክ (Eurodac) ብኢዩ-ሊሳ (eu-LISA) ዝበሃል ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ወኪል እዩ ዝካየድ፡፡ ጭብጥታትካ ሕጊ ንዝእዝዞ ዕላማታት ጥራይ እዩ ምጥቃም ዝከኣል፡፡ ንጭብጥታትካ ዝቕበል እቲ ናይ ዩሮዳክ ማእከላይ ስርዓት (Eurodac Central System) ጥራይ እዩ፡፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ካልእ ናይ ኤዎሮጳዊ ሕብረት (EU) ወይ ምስኣ ትተኣሳሰር ሃገር ዑቕባ እንተሓቲትካ[1]፣ ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራኻ ንኽጻረ ናብታ ሃገር ይልኣኽ፡፡ ኣብ ዩሮዳክ (Eurodac) ዝተቐመጡ ጭብጥታት ካብ ኤዎሮጳዊ ሕብረት (EU) ወይ ምስኣ ትተኣሳሰር ሃገር ወጻኢ ንዝኾነት ትኹን ካልእ ሃገር ወይ ትካል ኣይወሃቡን፡፡

1) ናይ ኣጻብዕትኻ ጭብጥታት ከምቲ ሕጊ ዘፍቅዶ ኣብ ሞንጎ 28 ናይ ኤዎሮጳዊ ሕብረት (EU) ኣባል ሃገራትን እተን 4 ተዛመድቲ ሃገራትን – ኖርወይ፣ ኣይስላንድ፣ ስዊዘርላንድን ሊክተንስታይንን - ምልውዋጥ ክህሉ ይኽእል እዩ፡፡

ካብ ሓምለ 20፣ 2015 ጀሚሩ፣ ናይ ኣጻብዕትኻ ዓሻራ ዓበይቲ ገበናትን ግብረሽበራን ንምኽልኻል፣ ንምልላይን ንምምርማርን ዕላማ ዘውዕል ናይ ዩሮዳክ (Eurodac) ዳታቤዝ ዝጥቀሙ ብከም ፖሊስን ናይ ኤውሮጳዊ ቤትጽሕፈት ፖሊስን [European police office (Europol)] ዝኣመሰሉ ሰበስልጣናት ክፍተሽ እዩ፡፡

## ናይ መራኸቢ ሓበሬታ

**መንነት ናይ Eurodac ተቖፃፃሪን ናቱ/ናታ ተወካልን**
መራኸቢ ነቑጣታት: ሃገራዊ
ቦርድ ፖሊስን (Poliisihallitus)
ፊንላንዳዊ ግልጋሎት ኢሚግራሽንን
(Maahanmuuttovirasto)

**ዝርዝር ኣድራሻ ናይ ቤት ፅሕፈት ተቆፃፃሪ**
+ 358 295 480 181
Poliisihallitus (ሃገራዊ ቦርድ ፖሊስ)
PL 22, 00521 Helsinki
kirjaamo.poliisihallitus@poliisi.fi

Maahanmuuttovirasto (ፊንላንዳዊ ግልጋሎት ኢሚግራሽንን)
PL 18, 00581 Helsinki
+358 295 419 600
ነዚ ጉዳይ ዝምልከት ቁፅሪ ግልጋሎት:
+358 295 419 627,
ሰሉስ–ሓሙስ 10–11
www.migri.fi

ኣብ ስርዓት Eurodac ብዛዕባኻ ዝተመዝገበ ዳታ ክትርኢ እንተደሊኻ፣ ናብ ፖሊስ ጣብያ ብኣካል ቀሪብካ ሕቶኻ ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ። መንነትካ ዘረጋግፁ ሰነዳት ክተርኢ ድሉው ኩን። ናይ ፅግዕተኝነት ማመልከቻኻ ንዝተቀበለካ ነቑጣ ግልጋሎት ፖሊስ ክትሕብር ትምከር። መርከቢ ሓበሬታ ናይ ነቑጣታት ግልጋሎት ፖሊስ ኣብዚ ናይ ፖሊስ መርበብ ሓበሬታ ኣሎ፣ poliisi.fi.

**ዝርዝር ኣድራሻ ናይ ሃገራዊ በዓል መዚ ቁፅፅር (ሓለዋ ዳታ)**
Tietosuojavaltuutetun toimisto
(ቤት ፅሕፈት ንብዓት ሓባሲ ሓለዋ ዳታ)
PL 800, 00521 Helsinki
+ 358 295 666 700
ግልጋሎት ሓበሬታ:
+358 295 616 670,
ሰኑይ–ሓሙስ 9–11 ከምኡውን 13–15,
ዓርቢ 9–12
tietosuoja@om.fi
www.tietosuoja.fi

**©መሰል ኤውሮጳዊ ሕብረት : ቅዳሕ 2014**
**ምብዛሕ ፍቁድ እዩ። ንዝኾነ ምጥቃም ወይ ምብዛሕ ካብዚ ስእልታት ካብ ዝምልከቶ ኣካል ቀጥታ ፍቃድ ምሕታት የድሊ።**

27.7.2015

European Commission

MAAHANMUUTTOVIRASTO
MIGRATIONSVERKET
FINNISH IMMIGRATION SERVICE

POLIISI
POLISEN I FINLAND
Police of Finland

Rajavartiolaitos
Gränsbevakningsväsendet
The Finnish Border Guard